# ድሕንነት ኣስቤስቶስ

## ንኽንሕግዝ ድሉዋት ኢና ዘለና።

240215 Asbestos guide_ti-ER.indd 1 20/03/2024 18:12:30

# ኣብ ኢንዱስትሪ ኣባይቲ ዚርከብ ኣስቤስቶስ

**ኣስቤስቶስ ብባህርያዊ መገዲ ዝፍጠር ማዕድን እዩ። ጽሕግታት ኣስቤስቶስ ድልዱል፡ ተዓጻጻፊ እዩ ከምኡዉን ልዑል ሙቐት ናይ ምዕቃብ ብቕዓትን ሓዊ ናይ ዘይምትሕልላፍ ባህርያትን ኣለዎ እዩ። ብምኽንያት እዚ ባህርያት እዚ ድማ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ኣባይቲ ኣብ ምህናጽ ኣብ ጥቕሚ ይዉዕሉ ነይሮም።**



መብዛሕትኡ ግዜ ዚዝውተር ሰለስተ ዓይነት ኣስቤስቶ (ዓይነት ማዕድን እዩ) ኣሎ፡-

- ክሮሲዶዳዊ (ሰማያዊ)
- ኣሞሳይት (ቡናዊ)
- ክሪሶታይል (ጻዕዳ)

ሰማያውን ቡናዊን ኣስቤስቶ ኻብ ጻዕዳ ኣስቤስቶ ዝለዓለ ሓደጋ ናይ ምስዓብ ተኽእሎ ኣለዎ። ከምኡ ዝኾነሉ ምኽንያት ድማ ብቐሊሉ ተሰባበርቲ (ዝሕምሸሹ) ስለ ዝኾኑ ብቐሊሉ ናብ ኣየር ኪበጽሑ ይኽእሉ እዮም። ንባህርያዊ ስርዓተ ምክልኻል ናይ ኣካላትና እውን ብዝያዳ ይጻወርዎ እዮም።

ብ1985 ኣብ ዩናይትድ ኪንግደም ሰማያውን ቡናዊን ኣስቤስቶስ ተኣገዶም። ብ1999 ጻዕዳ ኣስቤስቶስ ተኣጊዱ።

ድሕሪ 1999 እተሃንጸ ኣባይቲ ኣስቤስቶ ክህልዎ ዘለዎ ተኽእሎ ኣዝዩ ትሑት እዩ።

## ኣብ ኣባይቲ እንታይ ዓይነት ኣስቤስቶ እዩ ክህሉ ዝኽእል፧

ኣብ ቤትካ ሓደገኛ ዝኾነ ኣስቤስቶ ዝሓዘ ናውቲ ሳሕቲ እንተ ዘይኮይኑ ኣይርከብን እዩ። ከምዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ከኣ እቶም ዝያዳ ንሓደጋ ዘቃልዑ ኣብ ጥቕሚ ዝዉዕሉ ዝነበሩ ናዉቲ ካብ ልዑል ምቒት ከምኡዉን ካብ ኬሚካላት ኣዝዩ ልዑል ተጻዋርነት ስለ ዝነበሮም እዩ።  እዚ ኸኣ መብዛሕትኡ ኣብ ኢንዱስትርያዊ ወይ ንግዳዊ ህንጻታት ደኣ እምበር ኣብ ኣባይቲ ኣይኮነን ነይሩ።

ኣብ ኣባይቲ ብብዝሒ ዚርከብ ኣስቤስቶ ዘለዎ ናውቲ ብዙሕ ሓደጋ ናይ ምስዓብ ተኽእሎ ዘይብሉ ነገራት እዩ፣ ንሳቶም ድማ እዞም ዝስዕቡ እዮም፡-

- ኣርተክስ/ARTEX (ኣስቤስቶስ-እተደልደለ-እተለበጠ-መጐልበቢ)
- ናይ መሬት መንጸፋት (ማቶኔላታት) ከምኡዉን መጣበቒታት

እዚ ናውቲ እዚ ዚስርሓሉ መገዲ ድማ እቲ ጽሕግታት ኣስቤስቶ ብቐሊሉ ኸም ዘይወጽእ ዝገብር እዩ።

## ኣብ ቤተይ ኣስቤስቶ ኸም ዘሎ እንተ ጠርጢረ እንታይ ክገብር ኣሎኒ፧

ሓደ ነገር ብዓይኒ ጥራይ ሪኢኻ ኣስቤስቶስ እንተ ኣልይዎ ኽትፈልጥ ኣይትኽእልን ኢኻ። ኣብ ቤትካ ኣስቤስቶስ ኪህሉ ዚኽእል ኰይኑ እንተ ተሰሚዑካ ኣይትጨነቕ። ዝበዝሕ ካብ ቅድሚ 1999 ዓመተ ምህረት እተሃንጸ ኣባይቲ ኣስቤስቶስ ዝሓዘ ኢዩ። ክሳብ ዘይተበተነ ኸኣ ዉሑስ እዩ።

ሓደ ነገር ኣስቤስቶ ኣለዎ እንተ ኮይኑ ርግጸኛ ክትከዉን እንተዘይክኢልካ ወይ ድማ ኣብ ቤትካ ዝተበላሸወ ኣስቤስቶ እንተ ረኺብካ ወይ ክህልዎ ይኽእል እዩ ኢልካ እንተ ጠርጢርካ -

- ኣይተልግሶ
- ፋሕ ኣይተብሎ ኢኻ፣ እዚ ከኣ ብመጋዝ ሓርሒርካ ምቑራጽ ወይ ድማ ምኹዓት (ምፍሓር) የጠቓልል
- ዝኾነ ይኹን ዝተበላሸወ ነገር ብገዛእ ርእስኻ ኽተዐሪ ኣይትፈትን
- ኣይትኾስትሮ፡ ኣይትጽረጎ ወይ እዉን ብቫክዩም ጌርካ እቲ ኣስበስቶስ ዘለዎ ቦታ ከተጽሪ ኣይትፈትን፡ እዚ ጽሕግታት ኣስቤስቶ ናብ ኣየር ስለ ዚዝርጋሕ እዩ

ኣብ ቤትካ ኣስቤስቶ ዝሓዘ ናውቲ ኸም ዘሎካ ትጠራጠር እንተ ኼንካ ኣይትሰንብድን ኢኻ።

ምኽሪ እንተ ደሊኻ ምሳና ተራኸብ። ጒጅለ ኣገልግሎት ዓማዊልና ሓገዝ ክህቡኻ ከምኡዉን ብዛዕባ ኣስቤስቶስ ይኹን ብዛዕባ ቤትካ ዝያዳ ኽነግሩኻ ይኽእሉ እዮም።

ቴሌፎን ደዊልካ ርኸበና **0345 141 4663** ወይ ድማ ኢ-መይል ብምልኣኽ ክትረኽበና ንላቦ **asbestosinfo@homegroup.org.uk**።







240215 Asbestos guide_ti-ER.indd 2-3 20/03/2024 18:12:31

# ኣብ ቤተይ ኣስቤስቶ ኣበይ እዩ ዚርከብ፧

ኣብ ዩናይትድ ኪንግደም ዚርከብ ሓያሎ ኣባይቲ ኣስቤስቶስ ዚብሃል ንጥረ ነገር ዘለዎ ናውቲ ኣለዎ። ኣብ ውሽጥን ኣብ ወጻእን ቤትካ ከምዚ ዓይነት ንጥረ ነገር ክህልዎ ዝኽእል ሒደት ቦታታት ኣሎ፦



## ኣብ ውሽጢ ቤት

- ትቦታት ፍሉ (መዉጽኢ ዝተቓጸለ ጋዝ)። እዚ ድማ ዝበዝሕ ግዜ ኣብ ጥቕሚ ዘይውዕል ኪኸውን ዝኽእል ኮይኑ ኣብ ባዶ ቦታ ወይ ኣብ ናሕሲ ድማ እዩ ዚርከብ
- ኣብ መናድቕን ናሕስን ኣርተክ ተባሂሉ ዚፍለጥ እተቐርጸ ቕብኣታትን ሽፋናትን
- ናይ መንደቕ ቦርድታት ንኣብነት ከም ናይ ዉሽጢ መከፋፈሊ፡ ኣየር ካፕቦርድ (ምዉቕ ሽልፍታት)፡ ናይ ቦይለር ሳንዱቕ ከምኡዉን ትቦታት ኣየር
- ቪኒል ከምኡዉን ሊኖልዩምን ዝበሃሉ መሸፈኢ ባይታ
- ኣስቤስቶስ ዘለዎም ኮፍ መበሊ ናይ ዓይኒ ምድሪ፡ ሓጽብታትን ከሙኡዉን ኣብ ዙርያ መሳኹቲ ዚርከብ ዕጣቓት
- መዕቌሪ ማይ ከምኡዉን ሻምብቆታት
- ኣብ ዙርያ ሻምብቆታት፡ ኣብ መናድቕን ኣብ ዉሽጢ መከፋፈሊ መናድቕን ከምኡዉን ኣብ ላዕሊ ናይቲ ህንጻ ዝርከቡ ቦታ (ሎፍት ኤርያ) ዘሎ መከላኸሊ
- ኣብ ዙርያ መውዓዪ ከምኡዉን ናይ መሞቒ መሳርሒታትን ዘሎ ናይ ሓዊ መከላኸሊ


## ኣብ ግዳም ናይቲ ቤት

- ናይ ናሕሲ ማቶኔላታት ከምኡዉን ናይ ናሕሲ ጥርዚ መፍሰሲታትን
- ኣብ ከም በዓል ንኣሽቱ መኽዘን ገዛውቲ ወይ ጋራጅ ዚርከብ እተዓጻጸፈ ዓይነት መሸፈኒ ናይ ናሕሲ ዝኣመሰለ
- ብድሕሪ ሽንቲ ቤት ኣብ ግዳማዊ መንደቕ ዝርከብ ናይ ሓመድ ሻምብቆታት ወይ መዉጽኢ ትቦታት
- ናብ ዳሳትን ናሕስን ናይ ዉሽጢ መሸፈኒ። እዚ ሰሌዳ እዚ ጫፍ ናሕሲ ኺንጠልጥል ከሎ ንናሕሲ ዚድግፍ ጸቢብ ሰሌዳ እዩ
- ኣብ ዙርያ መሳኹትን መዓጹን ክህሉ ዝኽእል ናይ ቀደም መሕተሚ (መዕበሲ)

## ኣስቤስቶስ ኣበይ ክትረክብ ከም እትኽእል ዚሕብር ኣብነታት



ኣስቤስቶስ ዘለዎ ቅርጻ ቕርጺ ዘለዎም ናይ ቦሎፎን (ናሕሲ) መሸፈኒ ኣርተክ (ARTEX)



ኣስቤስቶስ ዘለዎ ናይ ባይታ ምንጻፍ ወይ ማቶኔላ ከምኡዉን ካርታመ ዝዓይነቱ መጣበቒ



ኣስቤስቶስ ዘለዎም ናይ ስሚንቶ ቦርድ ናይ ናሕሲ



ኣስቤስቶስ ዘለዎ ማስቲቺ ናይ መስኰት ፍሬም



ኣስቤስቶስ ዘለዎ ስሚንቶ ናይ ዉሽጢ ናይ መጽለሊ



ኣስቤስቶስ ዘለዎ ኣብ ጋራጅ ዚርከብ ናሕሲ ቀጸላ ስሚንቶ





240215 Asbestos guide_ti-ER.indd 4-5
20/03/2024 18:12:31

# ኣብ ቤትና ዘሎ ኣስቤስቶስ ሓደገኛ ድዩ፧

ብሓጺሩ; ኣይፋል። ክሳዕ ዘይተበልላሸወ ወይ ክሳዕ ዘይተበተነ።

### እንታይ ሓደጋታት እዩ ኼስዕብ ዚኽእል ፧

እቲ ኣስበስቶስ ዘለዎም ናዉቲ ምስ ዝበላሾ ወይ ድማ ምስ ዝብተን እቲ ጽሕጊ ክብተን ይኽእል እሞ እዚ ድማ ነቲ ኣየር ክብክሎ ይኽእል እዩ። እቲ ጽሕግታት ኣዝዩ ስለ ዝሰባበር ድማ ብቐሊሉ ኽተስተንፍሶ ትኽእል ኢኻ።

ብስሩዕ፡ ኣዘውቲርካ ልዑል ጻዕቂ ኣስቤስቶስ ናብ ዘለዎ ኣየር እተቓላዕካ እንተ ኼንካ ከቢድ ናይ ጥዕና ጸገማት ኼስዕብ ይኽእል እዩ።

### ኣብ ቤትካ ዲኤንኤ (DIY) ምሓዝ

ህንጸት ኣባይቲ፡ ደኮሬሽናት ከምኡዉን ዲኤንኤ (DIY) ዝኣመሰሉ ንጥፈታት ኣስቤስቶስ ዘለዎም ነገራት ክበላሾ ወይ ድማ ክብተን ዝገብሩ እዮም። ኲዕታ፡ ምፍሕፋሕ ከምኡዉን ሓርሒርካ ምቑራጽ ዝኣመሰሉ ንጥፈታት ነቲ ናይ ኣስቤስቶስ ጽሕግታት ክብተን ይገብር እሞ ከተስተንፍሶ ትኽእል። ጽሕግታት ኣስቤስቶ ምስ እተተንፍሶ ድማ ምስ ጥዕና እተተሓሓዘ ኸቢድ ጸገማት ኬምጽእ ይኽእል እዩ።

ንመንበሪ ቤትካ ዝኾነ ይኹን ስራሕ ወይ ምምሕያሽ ትገብር እንተደኣ ሃሊኻ ኮይንካ፡ ቅድሚ ምጅማርካ ኽትነግረና ኣሎካ። በዚ መንገዲ እዚ ድማ ድሕንነትካ ንምርግጋጽ መዛግብትና ኽንምርምር ንኽእል ኢና።

# ብዛዕባ ኣስቤስቶስ ክህልዎ ይኽእል እዩ ዝበሃል ናውቲ ዚገልጽ ጸብጻባት ብጥብቂ ኢና እንርእዮ

እታ ዉፍይቲ ጕጅለ ኣስቤስቶስ ኣብዚ ዓዉዲ እዚ ብቕዓት ዘለዋ ኮይና ከምኡዉን ንዓመታት ድማ ናይ ኢንዱስትሪ ተመክሮ ዘለዋ እያ። እተን ኣባይቲ ንምምርማር ከምኡዉን ነቲ ካብ ኣስቤስቶ ናጻ ናይ ምግባር መስርሕ ንምፍጻም እንጥቀመሎም ኲባንያታት ወግዓዊ ተቐባልነት ዘለወን ከምኡዉን ፍቓድ ዝተወሃበንን እየን።

**ንሕና ሓላፍነት ንወስደሎም ነገራት -**

- ንኹሉ እቲ መንበሪ ቤት ዘይኮነ ኣባይቲ ዚኸውን መዝገብ ኣስቤስቶ ምዕቃብ። እዚ ማለት ድማ ንኹነታት ዝኾነ ይኹን ኣስቤስቶ ዘለዎ ናዉቲ ክንከታተልን ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ስራሕ ከነካየድ ንኽእል ማለት ኢና
- ንዓማዊልና ኣብ ቤቶም ካብ ኣስቤስቶስ ክስዕቦም ዝኽእል ሓደጋ ምግምጋም
- ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ሳርቨይ (ግምገማ) ናይ ኣስቤስቶ ምውዳብ
- ሓደገኛ ዝኾነ ይኹን ኣስቤስቶ ዘለዎም ናውቲ ምውጋድ

እታ ናይ ኣስቤስቶስ ጕጅለ ጽን ኢላ ኽትሰምዓካን ክትሕግዘካን ድልዉቲ እያ። ብዛዕባ ናትካ መንበሪ ቤት ከምኡዉን ብዛዕባ ተኽእሎ ምህላዉ ናይ ኣስቤስቶስ ዘለዎም ንብረታት ኣብ ገዛኻ ሓበሬታ ክረኽቡ ይኽእሉ እዮም። እዚኣቶም ኣብኡ እንተድኣ ተረኺቦም ክነግሩኻ ኢዮም።

ተወሳኺ ምርምር ክንገብር ዜድልየና ኾይኑ እንተ ተሰሚዑና ነዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ መስርሕ ክንስዕቦን ኣብ ነፍሲ ወከፍ ደረጃ እዋናዊ ሓበሬታ ኽንህበካን ኢና።

**ቀዳማይ ስጕምቲ**

ቤትካ መጽናዕቲ ኣስቤስቶ ዜድልዮ እንተ ኾይኑ እቶም ፍቓድ ዝተወሃቦም ኲንትራክተራት ነዚ ኺፍጽምዎ እዮም። ኣስቤስቶ ዘለዎ ናውቲ እንተ ረኺቦም ብኡንብኡ ኺነግሩና እዮም። ድሕሪኡ፡ ናብ ቤትካ ካብ ዝመጽኡሉ መዓልቲ ኣብ ውሽጢ ሸውዓተ መዓልቲ ምሉእ ጸብጻብ ኪውድኡ እዮም።

**ካልኣይ ስጕምቲ**

ዝኾነ ይኹን ኣስቤስቶ ዘለዎ ናውቲ ሓደገኛ እንተ ደኣ ኾይኑ ካብቲ መጽናዕቲ ዝተገብረሉ ግዜ ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓት ክንነግረካ ኢና። ብዛዕባ እቲ ዚቕጽል ስጕምትታት ከምኡውን ብኸመይ ዉሕስነት ናትካ ከነረጋግጽ ከም እንኽእል ክንመያየጥ ኢና።

ጕጅለና ነቲ እተዛዘመ ጸብጻብ መጽናዕቲ ምሉእ ብምሉእ ክትምርምሮ እያ።

**ሳልሳይ ስጕምቲ**

ነቶም ፍቓድ እተዋህቦም ኣካየድቲ ጥዕናን ድሕንነትን (HSE) ዝኾኑ ኲንትራክተራት ዝኾነ ይኹን ዘድሊ ዕዮ እንተደኣ ሃልዩ ኮይኑ ክፍጽምዎ ኽንእዝዞም ኢና።

**ምቍጽጻር ኣስቤስቶስ**

መብዛሕትኡ ግዜ፡ እቲ ኣስቤስቶስ ዘለዎ ናውቲ ኣብ ጽቡቕ ኲነታት ምስ ዝህሉ ከምኡዉን ናይ ምብታን ተኽእሎ ምስ ዘይህልዎ ዉሑስ እዩ።

ብመሰረት መምርሒ ኤችኤስኢ (HSE)፡ ካብዞም ዝስዕቡ ዘማልእ ኣስቢስቶስ ምስ ዝኸዉን ኣይነዉጽኦን ኢና ኣብ ዘለዎ ድማ ንገድፎ፡

- ኣብ ጽቡቕ ኲነታት ዝርከብ
- ክበላሾ ዘለዎ ተኽእሎ ኣዝዩ ዉሑድ ምስ ዝኸዉን
- እቶም  ወግዓዊ ተቐባልነት ዘለዎም ናይ ግምገማ ኮንትራክተራትና ሓደጋ ናይ ምብጻሕ ተኽእሎኡ ዉሑድ እዩ ኢሎም ምስ ዝኣምኑ

እቲ ኣስቤስቶስ ዘለዎ ኣቕሓ ወይ ናውቲ ኣበይ ከም ዘሎን እንታይ ዓይነት ምዃኑን ክንነግረካ ኢና። ዝኾነ ለዉጢ ምስ ዝህሉ፡ ንኣብነት ኣብ ናሕሲ ኣርተክ ነቓዕ እንተ ኣጋጢሙ ወይ ድማ ኣብ ባይታ ዘሎ ምንጻፍ (ማቶኔላ) እንተ ተጐዲኡ ብእተኻእለ መጠን ቀልጢፍካ ንገርና።

ኣብ ንግዳዊ ወይ ድማ መንበሪ ኣባይቲ ዘይኮኑ ህንጻታት ስሩዕ ዝኾነ ናይ ንኣስቤስቶስ መርመራ ክንገብር ኢና። ንኣብነት፡ እዚ ኣብ ፍላት ዝዓይነቶም ገዛዉቲ ዝርከብ ክፉት ቦታ (መእተዊ ቦታ) ከምኡዉን ኮሮድዮታት ዜጠቓልል ኪኸውን ይኽእል እዩ።





240215 Asbestos guide_ti-ER.indd 6-7 20/03/2024 18:12:31

# ምሳና ክትራኽብ ንምሕጸነካ

ቴሌፎን ብምድዋል **0345 141 4663**

ወይ ድማ ኢ-መይል ብምልኣኽ ክትረኽበና ንላቦ

**asbestosinfo@homegroup.org.uk**

ሆም ግሩፕ
ዋን ስትሮውቤሪ ሌን (One Strawberry Lane),
ኒውካስል ኣፕኦን ታይነ (Newcastle upon Tyne)
NE1 4BX

**0345 141 4663**
**www.homegroup.org.uk**

240215 Asbestos guide_ti-ER.indd 8 20/03/2024 18:12:31